መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ንባብ: ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ንምንባብ ዝሕግዙ ተወሰኽቲ ሓሳባት

### ብሓባር ምንባብ

ምስ ደቅኻ ብሓባር ከተንብብ እንከለኻ:

- እቲ ዛንታ ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ሓሳብ ንክትህቦም ኣብ'ቲ መጽሓፍ ዘሎ ስእልታት ከምዝምልከቱ ግበሮም፡
- ኣብ'ቲ ዛንታን ኣብ'ቲ ስእልታትን እንታይ ይፍጸም ኣሎ ተዘራረቡ፡
- ቀንዲ ቃላት ኣብ'ቲ ዛንታ ፈሊኻ ኣመልክትን ዘይፈልጥዎም ቃላት ከአ ግለጸሎም፡
- ኣብ መላእ'ቲ ዛንታ ዝደጋገሙ ድምጻዊ ውህደት ዘለዎም ቃላትን ሐረጋትን ከተድምጽ እንከለኻ ክጽንበሩኻ ኣተባብዓዮም።
- ደው ኣብሎ'ሞ ሕተቶም፡ *ቀጺሉ ዘጋጥም እንታይ'ዩ ኢልኩም ትሓስቡ? ንምንታይ ከም'ኡ ኢልኩም ክትሓስቡ ክኢልኩም?* - መልሶም ተቐበሎ፡ ዋላ' ውን ልክዕ እንተዘይሃለው፡
- ብዛዕባ ኣብ'ቲ መጽሓፍ ዘለዉ ፍጻመታትን ገጸባህርያትን ሕተቶም፡
- ምንባብ ኣብ ዝወዳእካሉ እዋን ብዛዕባ'ቲ ዛንታ ተዘራረቡ ወይ ከአ ብናቶም ቃላት ነቲ ዛንታ ደጊሞም ከምዝነግሩኻ ግበር - እዚ ንዕኦም መጀመርያ፡ ማእከልን መወዳእታ ናይቲ ዛንታ ክፈልጥዎ ክሕግዞም'ዩ።
- ንሕቶታቶም መልሶ፡ ዋላ'ውን ዋሕዚ እቲ ዛንታ እንተቋረጽዎ - አስተውዕል፡ ንስኻ ኢኻ ርእይቶኦም ክህቡ ዝሓተትካ፡

ደቅኻ ንባብ ኣብ ዝመሃርሉ እዋን ብዙሕ ናእዳታት ክትህቦም ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። መጽሓፍ ከንብቡ ክፍትኑ እንከለው ናእዳ ለግሰሎም። ዋላ'ውን ንዓኻ ቀሊል መሲሉ እንተተራእየካ ጌጋ ምስ ዝፍጽሙ ነቒፌታ ኣወግድ። ገለ ህጻናት ብዙሕ ልምምድን ምትብባዕን የድልዮም'ዩ።

ነዞም ዝስዕቡ ወሲኽካ ብዙሓት ነገራት ኣለው ክንበቡ ዝኽእሉ፡ መዛሙራትን ግጥምታት መዋእለ ህጻናት፡ መጻሕፍቲ ዛንታ፡ ልቢ ወለድ ዘይኮኑ መጻሕፍቲ፡ ኣብ ዳይኖሶርን እንስሳታት ዘቤትን ዘተኩሩ መጻሕፍቲ፡ ብሓባር ትሰርሕዎም መጻሕፍቲ፡ ዘስሕቑ ዛንታታትን ግጥምታትን፡ ናይ ቀልዲ መጻሕፍቲ፡ መርበባት ሓበሬታን ናይ ሲዲ መጻሕፍትን፡ ዋዛ ሓዘል መጻሕፍቲ፡ ጋዜጣታት፡ ስሩዕ መዝገብ ነገራትን መጋዚናትን፡ ናይ መግቢ መጻሕፍቲ፡ ናይ ጎደና ካርታን ከምኡ'ውን መዝገበ ቓላት።

### ሜላታት ኣናብባ

- ውላድካ ዘይፈልጦ ቃል ከጋጥሞም እንከሎ ፈደላት እቲ ቃል በብሓደ ክምልከት አተባብዓዮም፡ ብምልእታ እታ ቃል ወይ ከአ ገለ ክፋላ ብድምጺ ክብሉዋ ከምዝፍትኑ ግበሮም - ነዚ ክገብሩ ግዜ ሃቦም።
- ውላድካ ንሓንቲ ቃል ይፈልጣ'ዩ ኢልካ እንድሕሪ ሓሲብካ ናብ መጀመርያ ናይቲ ምሉእ ሓሳብ ክምለሱን እንደገና ፈተነ ክካይዱን ሕተቶም። ሓደ ሓደ ግዜ እዚ ነዚ ዝተረፈ ክፋል ናይቲ ዛንታ እናሰምዑ ሓሳባት ወይ ትርጉም ናይቲ ቃል ክህቦም ይሕግዞም'ዩ።
- ደቅኻ ንሓንቲ ቃል ይፈልጡዋ'ዮም ኢልካ እንድሕሪ ዘይትሓስብ ኮንካ ባዕልኻ ነታ ቃል አድምጸሎም'ሞ ድሕሪኡ ምንባብ ክቅጽሉ አተባብዓዮም።
- ኣብ ምውዳእ ናይ'ቲ ዛንታ ናብ'ቶም ደቅኻ ክፈልጥዎም ዘይከአሉ ቃላት ተመለስ'ሞ እንታይ ምዃኖም ፋሕቲሮም ክፈልጡ ሓግዞም።

ኣብ ገዛ ምንባብ ዝፈትው ህጻናት ኣብ ንእስነቶም ዝወሃቦም ንጥፈታት ንባብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕውታት ክኾኑ ዝያዳ ተኽእሎ'ሎ።

Department of
Education

ዝያዳ ጽሑፋት
ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ
**education.wa.edu.au** ክትረኽቡ ኢኹም።

© Department of Education, Western Australia, 2015
CC BY